# <u>*ሳዕስዕ እሞ ሳዕስዕ ሓዳርካ ኣይትረስዕ፡*</u>

*ውራያት ክበዝሕ ከሎ ዕዮ ገዛ ይዝንጋዕ።*

*መርሓብ ሕቡናት ኤርትራውያን ዉፉያት ንሃገሮም። ካብዚ ተላባዕ ኮቪድ 19 ብደሓን የውጽኣና። ጥዕና ንኩሉ ሕብረተሰብና ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዘሎና ሙሉእ ይግበረልና። ዝጸበየና ዘሎ ሃገራዊ ህንጸት ምስ ሙሉእ ጥዕናናን መንፈስናን ሻማ ሻማ ኢልና ነዛ ብሉጻት ዝኸፈልናላ ሃገር ብሰላም ንሃንጸላ ግዜ በጺሕና ኣሎና። ሕጂ ቀዳማይ ዕላልናን ከትዓትናን ሃገርና ብኸመይ ንህነጽ ድኣንበር ብዛዕባ ካብ ጉድጓድ ወኻሩ ተተወጢጦም ዝተሓዙ ዘለዎ ጸረሰላም ባእታታት ዕድመ ንመንግስቲ ኣይቤ ኣሕመድን ሰራዊት ፌደራል መንግስቱን ተሓባበርቶምን፡ ነቲ ናይ ሰግኣት ጠንቂ ኮይኑ ዝጸንሔ ጭፍራ መንገዱ ኣትሒዞሞ ኣለዉ። ኣብኡ ነጠፍኦ ግዜ ኣይክህልወናን ወይ ኣዝዩ ንኡስ ይኸውን። እንተ እቲ ኣብ ምንጎ መንግስታት ዝግበር ርኽክባት* ***"ትኣምኖ ሊኢኸካስ እንታይ ተሪፉኒ ኣይትበል"*** *ከምዝበሃል፡ ንኣምኖ መንግስትን፡ ንሕበነሎም ምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ ሒዝና ንስከፈሉ ነገር የብልናን።*

*ግዜ ናይ ባዕሉ ሕጊ ስለ ዘለዎ፡ ብንሕና እንደልዮ ዘይኮነ ብንሱ ዝወስዶ ስለ ዝኸይድ ናይ ምዝናይ እዋና ይብቃዕ ኢልና፡ ግዜ ከይ ቀደመና ክንቅድሞ መታን፡ ዓቢ ክፋል ከትዓትና ሃገርና ብኸመይ ንህነጽ ኣብ ዝብሉ ኣርእስትታት ከነድህብ ዘሎና ኮይኑ ይስማዓኒ። ምዚ ንሰላም ውሁብ ኮይኑ ዘሎ መድረኽ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝርከባ ባሕበረ ኮማትን ውዳቤታት ግንባር ብምትሕብባር ህዝቢ ወዲበን ሰፋሕትን ኣፍረይትን መደረኽ ዘተ ከፊተን ኣብ ጭቡጥን ተግባራውን መደብ ተሳትፎ ኣብ ልምዓት ሃገር ዝብል ኣትኵረን 2021 ፍልይቲ ናይ ህንጸት ዓመት ክትከውን ክሰርሓላ ኣለውን።* ***"በይኑ ዝጎየየ ኣይቅድም ኣይቅደም"*** *ከምዝበሃል፡ ብተነጽሎ ዝግብር ስራሓት ዘይጽላእ እኳ እንተኾነ ውጺኢቱ ሓዳዊ (1) ስለ ዝኾነ፡ ብእኩብ ዝግበር ኣብ ኩሉ ሸነኻቱ፡ ማለት ብሓሳባት፡ ብውህለላ፡ ብተሳታፍነት ስራሕ፡ ወዘተ ኣዝዩ ኣርባሒ ኣብርእሲ ምኹኑ፡ ሲኒትን ምብልሓትን ከሕድር ይኽእል። ከምቲ ስነ-ጥበባዊት ሄለን መለስ ዝደረፈቶ "* ***ንግዜ ደው ዘብል ቀይሕ መብራህቲ የለን ዝበለቶ"*** *ብንጽል ትገብሮ ስራሕ ግዜ ክቕድመካ ዘለዎ ዕድል ዝዓበየ እዩ። ብውዱብን ጥርኑፍን ዝግበር ግን ወይ ትቕድም ወይ ድማ ማዕረማእረ ትስጉም።*

*ስለዚ ጉዳይ ሓንካሪት ተወዲኡ ስለ ዘሎ ብዛዕባኣ ክንዛረብ ግዜና ምጥፉእ ስለ ዝኸውን፡ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ጠቒሰዮ ዘሎኹ* ***"ውራያት ክበዝሕ ከሎ ዕዮ ገዛ ይርሳዕ"*** *ዝተባህለ፡ ኣብ ውራይና ኣድሂብና ጽፉፍን ቅልጡፍን ስጉምትታት ከወስድ ንበገስ።*

*ሰማእታትና ንዘልኣለም ኣብ ልብና፡*
*ዓወት ንሓፋሽ፡*
*ገብረንጉስ መስመ፡ ጥሪ/11/2021*